ዝርዝር ሓቂታት

SAFE HOMES FAMILIES COMMUNITIES

# ዓመጽ ንዝፍጽሙ ደገፍን ሓገዝን

*ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ስድራ ቤትን ጾታዊ ዓመጽን ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ቅቡል ኣይኮነን። ኣብ ዉሽጢ ገዛ እንተተፈጸሙኳ ናይ ስድራን ጾታዊ ዓመጽን ገበናት እዮም።*

ኣብ ኣውስትራሊያ ተወሊድኩም እንተኾይንኩም ወይ ካብ ካልእ ሃገር መጺእኩም ኣብ ኣውስትራሊያ ትነብሩ እንተለኹም፡ ካብ ዓመጽን ፍርሒን ነጻ ዝኾነ ህይወት ሃልይኩም ክትነብሩ መሰል ኣለኩም።

ኣብ ኣውስትራሊያ ዘሎ ሕጊ ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብማዕረ ይጥምቶም። ነፍሲወከፍ እወንታውን ድሕነት ዘለዎን ዝምድና ከሕልፍ መሰል ኣለዎ።

## ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ

ኣብ ስድራ ቤት ዝፍጸም ዓመጽ ገበን እዩ። ሓደ በዓል ቤት ወይውን መጻምዲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰበይቱ ወይ መጻምዱ ዓመጽ ምፍጻም ማለት ኣንጻር ሕጊ ምኻድ ማለት እዩ።

ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ፤ ከም መጥቃዕቲ፣ ጾታዊ መጥቃዕቲ፣ ፈኸራ፣ ግዳደ፣ ምፍርራህ፣ ብቓላት ምዝላፍ፣ ምጭዋይ፣ ብዘይ ድልየቱ ሰብ ምክትታል ወይ ከምዚ ዝበለ ንምግባር ምፍታን የጠቓልል።

ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ: ኣብ ኣካል ካብዝግበር ዓምጽ ንላዕሊ እንትኸውን፤ ቁጠባዊ ዓመጽ፣ ስምዒታዊ ዓመጽ፣ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ንምኽልካል ብቤት ፍርዲ ውሳነ ዝተውሃበ ትእዛዝ ምጥሓስን፣ ምዕናው ንብረትን የጠቓልል።

ገለ ካብ ኣብነታት ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም:

- ሰበይትኻ ወይከዓ መጻምድኻ ምፍርራሕ፣ ብዛዕባ ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ምንባር መሰሎም ብዝምልከት ምፍርራሕ የጠቓልል
- ኣብ ሰብነት ምትሕሓዝ፣ ምቕላዕ፣ ምሕናቕ፣ ብጉስጢ ምህራም
- ገለ ነገር ናባኦም ምድርባይ
- እንታይ ክርእዩ ከምዘለዎም ወይውን ክገብርዎ ዘለውም ምንጋር
- ኣገዲድካ ግብረ ስጋ ምፍጻም
- ካብ ስድራን ኣዕርኽትን ምፍላይ
- ገንዘቦምን ፋይናንስን ንኸይረኽቡ ምንፋግ

## ግብረ ስጋዊ ዓመጽ

ግብረ ስጋዊ ዓመጽ ብዙሕ ዓይነት ዓመጽ ዘለዎ ኮይኑ፡ ከም ብዘይፍታውካ ዝግበር፡ ዘሰምብርን ሃሳዪ ግብረስጋዊ ምፍሳስ፣ ምትሕሓዝ፡ ግዳደ፣ ሓይሊ ተጠቒምካ ግብረ ስጋ ምፍጻም። ዓመጽ ግብረ ስጋ ገበን እዩ።

## ደገፍ ሓገዝን ሓበሬታን ምርካብ

ኣብ ዙርያ መጻምድኹምን ስድራ ቤትኩምን ለውጢ እንተተደልዩ ዉሑስ ዝኾነ ሓገዝን ደገፍን ምርካብ ይከኣል እዩ።

ብዛዕባ ባህርያት ትፈልጥዎ ሰብ ዘተሓሳስበኩም እንተኾይኑ ሓበሬታን ደገፍን ዝህብ ኣገልግሎታት ድሉው ኣሎ።

## ኣገልግሎታት ደገፍ

ነዞም ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ትረኽብሉ ናይ ምትርጓም ሓገዝ ንምርካብ ናብ ወሃቢ ኣገልግሎት ትርጉምን መስተርጓማይን (TIS) ብ 131450. ደውሉ፡

ኩሉ ዝግበር ናይ ተለፎን ምድዋል ናጻ እንትኸውን ብምስጢር እዩ ዝተሓዝ።

**ኣብ ህጹጽ ኩነታት 000 ደውሉ**

ንደቂ ተባዕትዮ ናይ ምምራሕ ኣገልግሎት
**1300 766 491** *ን24 ሰዓት ክፉት ኮይኑ ኣገልግሎት ይህብ።* ብተለፎን ዝግበር ምኽሪ፡ ብጋህዲ ዝርርብ፡ ሓበሬታን ናብ ከባቢኻ ዘሎ ኣገልግሎት ምምራሕን፡ ደወልቲ መንነቶም ከየፍለጡ ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም።
www.ntv.org.au

ፕሮግራም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ምዝማድ ሓድሽ ስትራተጂታት
**1300 364 277** *ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
ነቶም መጻምዶም ዝዕምጹ ደቂ ተባዕትዮ ብዝምድናታት ኣውስትራሊያ (Relationships Australia) ታዝማኒያ ዝቐርብ ፕሮግራም።

Engender Equality
**(03) 6278 9090** *ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
ነተን ዓመጽ ዝጥቀማ ደቂ ኣንስትዮ ሓዊስካ ኣገልግሎት ምኽሪን ደገፍን።
www.engenderequality.org.au

መስመር ደቂ ተባዕትዮ ኣውስትራሊያ
**1300 789 978** *ናይ 24 ሰዓታት ኣገልግሎት*
ነቶም ብናይ ስምዒት ጥዕናን ናይ ዝምድና ጸገም ዘጋጥሞም ደቂ ተባዕትዮ ዝኸውን ናይ ተለፎንን ኦንላይን ንኣገልግሎት ምኽሪ። www.mensline.org.au

ናይ ስድራ ቤትን ግብረ ስጋዊ ዓመጽን ትኽክል ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ።

ገዛእ ርእስኹም ወይከኣ እትፈልጥዎ ሰብ ብናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ዝተሃስየ እንተሎ፡ ንዉሑስ ኣብ ገዛ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ መልሲ ዝህብን ዝመርሕን መስመር (Safe at Home Family Violence Response and Referral Line) ብቑጽሪ 1800 633 937 ደውሉ።

ገዛእ ርእስኹም ወይ ካልእ ትፈልጥዎ ሰብ ብጾታዊ ዓመጽ ዝተተንከፈ እንተሎ ናብቲ ብደረጃ ክፍለ ግዝኣት ዘሎ ግብረ ስጋዊ ዓመጽ ቅልውላው መስመር (Statewide Sexual Assault Crisis Line) ብቑጽሪ **1800 697 877** ደውሉ። ኣብ እዋን ህጹጽ ወትሩ ብ **000** ደውሉ

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ተወሳኺ ሓበሬታ ነቶም ናብ ኣውስትራሊያ ዝመጹ ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ዝምልከት ናይ ኣውስትራሊያ ሕግታት ብ 46 ቋንቋታት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክጸንሓኩም እዩ። **www.dss.gov.au/family-safety-pack**